

# ኣድሓነት ዓንዱ ዓሪፉ
## ታሪኽ ዝገደፈ ኣይመውትን

ኣድሓነት ኣብ መጨረሻ 1974 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ። እቲ ዝተሰለፈትሉ መዓልቲ፡ ህዝቢ ብብዝሒ በኣሽሓት ካብ ኣስመራ ነቲ ብብረት ዝራጸም ዝነበረ ክልተ ውድባት ንምዕራቕ ኢሉ ዝወጸላ መዓልቲ እዩ ነይሩ። ናብ ተሓኤ ክትስለፍ እንከላ'ውን ከም'ቲ መብዛሕትኡ ኤርትራዊ ኣብ ቅድሚኡ ናብ ዘጋጥሞ ውድብ ዝስለፎ ዝነበረ ዘይኮነስ፡ ተሓኤ ዘለዋ ጸጋ ደሞክራሲን ኣቃሊስካ ናይ ምቅላስ ባህርን ተገንዚባ'ያ ዝነበረት።

ካብ'ታ ዝተሰለፈትላ ዕለት ከኣ ብዓቢ ጽንዓትን ዕትቡነትን ፍልጠትን ብሓላፍነታዊ ኣገባብ ንቃልሲ ተዓጥቀት። ንሜዳ ክትስለፍ እንከላ፡ ንምግላጹ ቃላት ክሳብ ዝውሕደና በላሕ ስለዝነበረት፡ ኣብ ቃልሲ ከጋጥም ዝኽእል ሕልኽልኻት ኣቐዲማ ዝተቐረበትሉን ንምብድሁ ጸገም ዘየጋጠማን ኮነት።

ኣድሓነት ንሜዳ ካብ ዝወጸትሉ ዕለት ዋላ ንሓጺር ጊዜ'ውን ካብ ስራሕ ከየዕረፈት፡ ኣብ ናጽነታውን ደሞክራሲያውን ኣግዞኣውን ዋኒን ምስተጸምደት'ያ ነይራ። ድሕሪ ፖለቲካዊ ኣስተምህሮ ምቕባላ ከኣ፡ ብ1977 ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ናይ ጠቕላሊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ኣባል መሪሕነት ማሕበር (ኣባል ፈጻሚት ኣካልን ናይ ስርርዕ ጉዳያት ሓላፊትን) ኮይና ተመርጸት። ብዘደንቕን ብሉጽን ኣገባብ ከኣ መሪሕነታዊ ተርኣ ተጻወተት። ብድሕሪ'ዚ ጉባኤ'ዚ ብሰንኪ ኣብ ተሓኤ ዘጋጠመ ኩነታት ጉባኤ ናይ ጠማደኣኤ ስለዘይተገብረ ከኣ፡ ብጉባኤ ምስተመርጸት ብጉባኤ ከይወረደት ዓሪፉ።

ኣድሓነት ተስፋ ቆሪጻ ወይ'ውን ደኺማ ዘይኮነስ፡ ብዘጋጠማ ውልቃዊ ጸገማት፡ ቃልሲ ጸጊባ ከይወደአት ንስደት ኣምርሐት። ኩላትና ከምንፈልጦ ድማ ኣብ ስደት'ውን ንሓርነት ህዝባ ካብ ምቅላስ ንውሑድ ጊዜ'ውን ኣቋሪጻ ኣይትፈልጥን'ያ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣድሓነት ናይ ዘመንና ደሞክራሲያዊት ተቓላሲት ከምዝነበረት ዘይፈልጥ ውሑድ'ዩ። እንታይነታ ንምግላጽ ቀለምን ወረቐትን ስለዘይኣክል፡ ናይ ነዊሕ እዋን ሓውን ብጻይን ፈላጥን ኣድሓነት ዝኾነ ሓው ነጸረኣብ ተወልደመድህን/ሎንዶን/፡ ኣብ መዓልቲ ሓመድ ድበኣ፡ ዝበሎ ምቕራብ ኣኻሊ ይመስለና፤

<<ኣድሓነት ንእትሓስቦን ሓቂ ኢላ ንእትኣምነሉ ነገር ንምባልን ኣብ ግብሪ ንምውዓልን ምስወሰነት፡ ዝኾነ ኣዒንቲ ናይ ሰብ ንድሕሪት ዘይመልሳ ተባዕን ወሳኒትን ነበረት።......ኣድሓነት ናይ ትሪ ባህሪ ጥራሕ ዘይኮነስ ካልእ ገጽ'ውን ነይርዋ፤ ንሱ ከኣ

ለዋህ፡ ቦቕባ`ቕ፡ ለጋስን ፈታዊት ሰብን ምንባራ'ዩ። እዚ ድማ ኩሎም'ቶም ነዚ ፍቕሪ'ዚ ዝተቐበሉ ይፈልጥዎ'ዮም።>>
ብድሕሪ'ዚ ሓው ነጸረ፡ ኣዒንቱ ንብዓት ሰሪቡ ጎሮርኡ ተዓጽዩ ዘረብኡ ኣቋሪጹ።

ንሕና ነቲ ንሱ ዘይመልኦ ሳልሳይ ባህሪ ናይ ኣድሓነት ክንገልጽ ንፈቱ፤ ኣድሓነት ኣማኒት፡ ጸላይትን ፈሪሃ እግዚኣቢሔር ዝነበራን ሰብ'ያ። ኣብ ዓለምና ድማ ነዚ ሰለስተ ባህሪ ዘማልኡ ሰባት ውሑዳት'ዮም።

ሓው ነጸረ ብዛዕባ ኣድሓነት ዝተዛረቦ ነገር ኣየገረመናን፡ ምኽንያቱ ድማ ካብ ነዊሕ እዋን ስለዝፈልጣን ንሓደ ዕላማ ብሓደ ንነዊሕ እዋን ስለዝተጓዕዙን። ዘገርም ነገር ካልእ'ዩ ነይሩ። ኣብ'ቲ ሓዘን፡ ኤርትራውያን፡ ኢትዮጲያውያን፡ ፈረንሳውያንን ካብ ዝተፈላለየ ዓድታት ዝመጹ ጸለምቲ ኣፍሪቃውያንን ነይሮም'ዮም። ኩሎም ናይ ምዝራብ ዕድል እንተዝዋሃቦም ድማ ክብልዎ ዝደልዩ ነገር ከምዝነበሮም ኣብ ገጾም ክንበብ ይከኣል ነይሩ። እቲ ጊዜ ስለዘይኣክል ግን ሓንቲ ናይ ምዝራብ ዕድል ዘጋጠማ ጸላም ኣፍሪቃዊት፤

<<ኣነ ንኣድሓነት ምልላየይ ዕድለኛ'የ። ባርያ ነይረ ሳላ ኣድሓነት'የ ነጻ ወጺአ። ሎሚ ነጻ ሰብ ኮይነ ሰሪሐ ነብሰይ አማሓድር ኣለኹ።>> ኢላ እናበኸየት ምስገለጸት፡ እቲ ዝሰምዕ ዝነበረ ሓዘንተኛ ካብ ከብዲ ዝነቐለ ብኽያት በኸየ።

ባርያ ነጻ ተውጽእ ነይራ እንተበልናኩም፡ ኣብ ኣፍሪቃ'ኳ ዝተረፈስ ኣብ ኤሮጳ ከመይ ኢሉ ስርዓት ባርያ ይህሉ ይድንጽወኩም ይኸውን። ንሕና ንባዕልና ቅድሚ 4ዓመታት፡ ኣድሓነት ንፌስቲቫል መጺኣ ንዕለሉ ኣብ ዝነበርና ጊዜ፡ ብዙሓት ንባርነት ዝተሳጥሓ ደቂ ኣንስትዮ ነጻ ንምውጻእ ምስ ሰብኣዊ ማሕበራት ኮይና እነጥፍ'የ ምስበለትና ብጣዕሚ ደንጽዩናን ንምእማኑ ኣጊሙናን ነበረ። ብእዝነና ምስ ሰማዕናዮ ግን፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ንዝበለትና ንገር ዘይምእማና ኣሕሪቑና። ልክዕ ከም'ዛ ጸላም ኣፍሪቃዊት እዚኣ፡ ካልኦት ኤርትራውያንን ኢትዮጲያውያንን ደቂ ኣንስትዮ፡ ብደቂ ኩወይትን ሰዑዳውያንን ብጉልበተን ዝግዝኦአን ብዘይደሞዝ ዝሰርሖአን ከይኣክል፡ ብኹርማጅ ዝግረፉ ዝነበራ'ውን ብሓገዝ ጠበቓታትን ፖሊስን ነጻ ተውጽእ ከምዝነበረት ኣረጋጊጽና።

እምበኣርከስ ኣድሓነት፡ ሃገራዊት ተቓላሲት ጥራሕ ዘይኮነትስ፡ ዓለመ ለኻዊት ተቓላሲት'ያ ነይራ እንተበልና ምግናን ኣይኮነን እንተዘይውሒዱዋ።

እዚ ውሑድ ካብ'ቲ ንፈልጦ ብዛዕባ ገድሊ ኣድሓነት'ዩ። ስለ'ዚ ድማ ንሳ፡ ንስድርኣ፡ ንፈተውታን ፈለጥታን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንኤርትራዊ ብጠቕላልኡ ኢያ ጎዲላ።

መንግስተ ሰማያት የዋርሳ።

ኣልማዝ ወልዱ
ተስፉ ዘርኡ
ልዋም ዘርኡ
ኣይሉል ዘርኡ

## ዘይፈለጠ ይፍለጣ
## ንኣድሓነት ዓንዱ

እንታይ ነበረ ማሕላኺ
እንታይ ነበረ ውዕልኪ
ህዝቢ ነጻ ከይወጸ
ሞሊቕኪ ዝኸድኪ።

ተቓሊሰ እየ ኣትሒዘዮ ወገኑ
ዝተረፉ ይቐጽልዎ
ቃልሲ ይምስረት’ምበር
ይውዳእ ዶ ኮይኑ?

ሓያል ሑዙኒ ተጸዊዐ
ንብረቱ ክእክብ ዝሰስዐ
ካብኣ ከምልጥ ዝኽእል የልቦን
ዝነፍዐ እንተነፍዐ።

ሓዲክና ኬድኪ ብሓንሳብ ከምዘይነበርና
ሓብትና ነበርኪ ብጸይትና
ንዓናን ንዓኽን ዝፈላልየና
ደሓር ፈሊጥናዮ ምስተፈለኽና
ሓንቲ እያ ካብ ሓደ ማህጸን ዘይምውላድና።

ነጻ መሬት ነጻ ህዝቢ ጭርሖኺ
ጨሪሕኪ ኣግእዞ ኳል ኣንስተይቲ
ምስ ናጽነት ሃገር ኣብ መዝገብ ኣስፈርኪ
ብዘይድኻም ጎይኺ ተቓሊስኪ መኪትኪ
ህዝብኺ ንሓዋሩ ምሒሉ ከይርስዓኪ
ንዘለኣለም ህያው ታሪኽ ጻማ ጻዕርኺ።

ህዝብኺ ተሸጊሩ ኣሎ ዘዝይዎ ጸሊም ደበና
ነጻነት ኣይትርከብን ህያብ ኮይና
ጸልማት ከይሓለፍካ ዶ ብርሃን ትርከብ ኮይና።

ሒዝኪዮ ተቐቢርኪ እቲ ኩሉ ፍልጠት ኣእምሮ
ተዘመትና’ምበር እንታይ ኢና ንገብሮ
ንብሎ ጠፍኣና እንታይ ኢና ንብሎ።

ጉቡኣይ ገበርኩ ዓቕመይ ኣወፍየ
ኣነ ዕሪፈ’የ እቲ ዝተረፈ ይጉየ
ህዝቢ ኣይደቅስ ናጽነት ከይረኣየ።

መኣስ ጸሊአ ንህዝበይ ከመዓሪ
ሞት ኣይተርፍን መን ኣሎ ነባሪ
ባርነት ምቕባል ጥራሕ’ዩ ነውሪ
ህዝቢ ይበድህ ንታሪኹ ንሱ’ዩ ነባሪ።

ኣደ ሓቂ ኣደ ቃልሲ
ህዝቢ ይጽውዕ ኣሎ ዘይትምለሲ
ምትሲ መራር'ያ የብላን ፈውሲ
ምዕዋት ቃልስኺ ዘይተርፍ'ዩ ክትምኅሲ
ህዝቢ ሒዝዎ'ዩ ሓፋሽ ዘየናሕሲ።

ዓንዱ ባህዱራይ መኣስ ሞተ
ጓል ወለደ ብሓቂ ተቐልተ
ዓንዱ ባህዱራይ ሎሚ ተዘምተ
ዓንዱ ባህዱራይ ሎሚ'ዩ ዝሞተ።

ጽንዓት ይሃብ ንኹሉ ሰብኺ
ዘመድ ዘይብልኪ ብጀካ ህዝብኺ
ሃይማኖት ዘይብልኪ ብዘይካ ሃገርኪ
ዓቕምኺ ከይበቐቕኪ ዝከኣል ዝገበርኪ
ኣዕርፊ በሊ መንግስተ ሰማያት የዋርስኪ።

ጨቋኒ ኣይደቅስ ኣዕሪፉ
መተካእታ ግዲፉ'ያ ጠመምቲ ኣፉ
ውዒሉ ሓዲሩ ዘይተርፍ ምጉሓፉ
ዝተረፈና የልቦን ንሱ'ዩ ተሪፉ።

ብዛዕባ ኣድሓነት ብዙሕ ምገለጽና
ብዛዕባ ቃልስኺ ብዙሕ ምበልና
ውፍዩነትኪ ብዙሕ ምነገርና
መግለጺ ስኢናሉ ቃላት ውሒዱና
ይኽረታ ግበሪ ንሱ'ዩ ዓቕምና።

ኣደ ኣዳል ኣደ ሓደ
ጽንዕቲ ተቓላሲት ጓል ዓዋተ
ሰዊት ዕድሜኺ ጣዕሚ ነይጠመተ
ስጋኽን መንፈስክን ንናጽነት ከተተ
ታሪኽ መኣስ ይርሳዕ ሰብ እንተሞተ።

ሞትኪ ሰሚዑ ህዝቢ ተኣከበ
ሰብ ሰንበደ ፍጹም ደንገጸ
ጓናን ቀረባን ኩሉ መጸ
ሓውቲ ኩሉ እወ ምጽምጸ።

ተሓጕሰ እንድየ እወ ርኤኩም
ዓው ኢለ ኣመስጊነ ምስማዕ ስኢንኩም
ኣኽቢርኩምኒ ክብሪ ይሃብኩም
ኣምላኽ ይፍደ ጻማ ጻዕርኹም
አጻናንዓኩም ነይረ ክትበኽዩ ከለኹም
ዓው ኢለ ኣመስጊነ ምስማዕ ስኢንኩም።

ወዲ ሰብን ደርሆን ምስ መቱ ይኽብሩ

መይትኪ ኢልና ዶ ዘይኮነ ክንነግር
ጅግና ብኣፍልጦ ንፈልጦ ክንሕብር
ሃየንታ ኣለዎ ዘይኮነ ክትምስክር
ስጋኺ እንተመተ ታሪኽኪ ይነብር።

ስድራ ቤት ተስፉ ዘርኡ